







# Orientation to Ontario

## ዓመጽ ኣብ ኣረጋውያን

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca





ኣረጋውያን ሰባት፡ ኣብ ኣባላት ስድራቤን ወሃብቲ ሓልዮትን ክምርኮሱ ግድን'ዩ። ኣብ ልዕሊ ኣረጋውያን ዓመጽ ተፈጺሙ ዝብሃል፡ እቲ ብዕድመ ዝደፍኤ ሰብ፡ በቲ ናብኡ ወይ ናብኣ ዝቐረበ ሰብ፡ ብሕማቕ ምስ ዝተሓዝ ወይ ሽልል ምስ ዝበሃል እዩ። ኣባላት ስድራቤት ወይ ካብ'ቲ ስድራቤት ወጻኢ ብዝኾነ ሰባት፡ ኣብ ልዕሊ ኣረጋውያን ዓመጽ ክፍጽሙ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ልዕሊ ኣረጋውያን ዝፍጸም ዓመጽ፡ ኣካላዊ፡ ስምዒታዊ፡ ጾታዊ ወይ ፊናንሳዊ ከምኡ ድማ ሸለል ምስ ዝበሃል።

**ኣካላዊ ዓመጽ ዝበሃል**፡ ጉድኣት ወይ ጭንቀት ዘስዕብ ዝኾነ ተግባር ከጠቓልል ይኽእል፡

- ምጽፋዕ፡ ምህራም፡ ምጉናጽ፡ ምንውናው፡ ምድፋእ ወይ ምዕጋት
- ዘየድሊ ኣካላዊ ምዕጋታት
- መድሃኒት ምኽእላ ወይ ልዕሊ ንቡር ንሓደ ሰብ መድሃኒት ምሃብ
- መግቢ ምኽእላ ወይ እቲ ቅኑዕ ዓይነት መግቢ ዘይምቕራብ
- ብሓይሊ ምምጋብ ወይ ብሓይሊ ምሕካም

**ስምዒታውን ወይ ስነ**-ኣእምሮኣውን (ሳይኮሎጂካውን) ዓመጽ፡ ብዙሓት ዓይነታት ጠባያት ዘጠቓለለ እዩ፡

- ንሓደ ሰብ መታን ክትቆጻጸሮ፡ ፍርሕን ምፍርራሕን ምጥቃም
- ንሓደ ሰብ፡ ኣዕርኽቱ ወይ ኣባላት ስድራቤቱ ካብ ምርኣይ ምኽልካል
- ንሓደ ሰብ ውሳኔ ከይገብር ምእጋድ ወይ ከም ቆልዓ ጌርካ ምሓዝ
- ንሓደ ሰብ ካብ ገዛ ክሰጎካ'የ እናበልካ ምፍርራሕ ወይ ኣረገውቲ ናብ ዝእለይሉ ክፍሊ ምግዓዝ
- ናይ ምዝካር ክእለት ንዘጥፍኤ ወይ ንዝዓበደ ወይ ንዝተጻለለ ሰብ ምቁጽጻር።

**ጾታዊ ዓመጽ እውን ዓይነት** ዓመጽ ንዓበይቲ። ጾታዊ ዓመጽ ከበሃል ከሎ፡ ብዘይፍቓድ ዝግበር ዝኾነ ዓይነት ጾታዊ ምዕባለ ወይ ጠባይ እዩ። ኣብ መእለዪ ኣረጋውያን ዝርከቡ ዓበይቲ ሰባት፡ ምስቶም ኣብ'ቲ መእልዩ ኣረጋያን ዝሰርሑ ሰባት፡ ብስምምዕ ዝፍጸም ጾታዊ ግብሪ ክገብሩ ብሕጊ ፍቑድ ኣይኮነን።

**ፊናንሳዊ ዓመጽ**

ፊናንሳዊ ዓመጽ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ልዕሊ ዓበይቲ ሰባት ብብዝሒ ዝፍጸሙ ዓይነታት ዓመጽ ኮይኑ፡ ብዙሕ ዝተፈላለዩ ተግባራትን ጠባያትን ከጠቓልል ይኽእል፡

- ዓበይቲ ሰባት ዝተዋህቦም ወይ ዝተለገሰሎም ገንዘብ ባዕላቶም ክቆጻጸሮ ዘይምፍቃድ
- ንዓበይቲ ሰባት ገንዘብ ምእንቲ ክህቡኻ ሽጣራታት ምጥቃም ወይ ክትቆጻጸሮም ምፍታን።
- ናይ ዓበይቲ ሰባት ንብረት፡ ብዘይፍቓዶም ምሻጥ።
- ንዓበይት ሰባት ክትኣልየሉ ተባሂሉ ዝተዋሃብካዮ ገንዘብ፡ ምኽላእ ወይ ብዘይ ኣገባብ ምጥቃም።
- ንሓደ ሰብ፡ ምፍርራሕን ምግብዕባዕን ተጠቒምካ ፍቓዱ ክቕይር ምግዳድ።
- ንሰነዳት ብናይ ካልእ ሰም ምትምያን

**ሸለል ምባል**፡ ኣብ ልዕሊ ዓበይቲ ሰባት ዝርኤ ንቡር ዓመጽ ኮይኑ፡ ኣካላውን ስምዒታውን ተግባራት ዓመጽ ዘካተተ እዩ። ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክን፡ ንዓበይቲ ሰባት ዘድልዮም ኣካላዊ፡ ሕክምናዊ ወይ ስምዒታዊ ደገፋት እንተዘይጌሮም፡ ኣብ ዕዕሊ ዓበይቲ ሰባት ዓመጽ ይፍጽሙ ኣለዉ።

ዓበይቲ ወይ ሽማግለ ኣብ ናይ ቤተሰቦምን ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክከንን ዝተሞርኮሱ ስለዝኾነ፡ ዝበዝሕ ግዜ ንዘጋጥሞም ዓመጽ ከይሕብሩ ይፈርሑ እዮም።

**ሓገዝ ምድላይ**

ግዳያት ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ዓበይቲ፡ ሓገዝ ደልዮም ብቑጽሪ ቴለፎን 1-866-299-1011 ናብ Senior Safety Line (መስመር ድሕነት ዓበይቲ) ክድውሉ ይኽእሉ።

ዓመጽ ኣብ ዓበይቲ ተፈጺሙ ኢልካ እንተጠርጢርካ፡ ናብ ፖሊስ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ። ፖሊስ ብወገኑ፡ ነቲ ጉዳይ ከጻርዮን ነቲ ግዳይ ድማ ሓገዝ ክህቦን እዩ። እንተኾነ፡ ግዳያት ዓመጽ ናይ ዓበይቲ፡ እኹላት ሰባት ስለዝኾኑ፡ ነቲ ዝወሃቦም ሓገዝ ክነጽግዎ ይኽእሉ እዮም።

Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada